# ካብ ዓለም-ለኸ ማሕበረሰብ ሙሁራን ትግራይ
## (The Global Society of Tigarain Scholars-GSTS)

## ኣብ መላእ ዓለም ንእትርከቡ ሙሁራን ተጋሩን ተወለድቲ ትግራይን ዝቐረበ
## ኣገዳሲ ፃዊዒት
## Important Call to All Tigraian and Tigrai origin Intellectuals/Professionals Living All Over the World

ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ሙሁራን ትግራይ ቕድሚ 4$^{+}$ ዓመት ኣቢሉ ካብ ዝትምስረት ንዳሓር ዓቕማ ብዝከኣላ ኩሉ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሙሁራን ተጋሩን ተወለድትን ናይ ምትእኽኻብን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘርፍታት ድማ መጠነ ሰፊሕ ምንቅስቓሳትን ሓገዛትን ክትገብር ፀኒሓ እያ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዓለም-ለኸ ማሕበረ ሰብ ሙሁራን ተጋሩ ኣከባቢ 1,000 ዝኮኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘርፍታት ስራሕቲ፣ ምርምርን ትምህርትን ዝነጥፉን ሙሁራን ተጋሩ ኣብ ዳታ-ቤዝ ንምሓዝ ዝከኣለትን ኣብ መዳይ ትምህርት (Education) ፣ ምርምር (Research) ፣ ስግግር ቴክኖሎጂን ፍልጠትን (Technology/knowledge transfer)፣ ምፍራይ ብሉፅ ሕብረተ ሰብ (Capacity building)፣ ኣብ ምልጋስ ሞያዊ ምኽሪ (Professional Think-Tank) ፣ ምስ ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላት ርክባት ኣብ ምፍጣርን ምጥንካርን (Institutional partnership) ወዘተ ክትነጥፍ ዝፀነሐትን እያ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ድማ እስካብ ሕዚ ዘዋህለለቶ ዓብይ ናይ ሰብ ሓይሊን ብሉፅ ኩለንተናዊ ተሞክሮን ናብ ዝዓበየን ዝበለፀን ተግባራዊ ስራሕ ዝትኣትወሉ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክቲታትን ብሉፃት ስራሕትን ቐሪፃ ኣብ ምክንዋን ትርከብ።
ናይታ ማሕበር ዓላማታት፣ ራኢን ሓፈሻዊ ፕሮግራማትን ብዝበለፀ መልክዑ ሓበሬታ ንምርካብ ነዛ ኣብ ታሕቲ ተተሓሒዛ ዘላ ቅጥዒ ይመልከቱ/ይመልከታ።

**ብምኻኑ ድማ ኣብ መላእ ዓለም እትርከቡ ሙሁራን ተጋሩን ተወለድትን ኣካል ናይዚ ቅዱስ ተግባር ንክትኾኑ ፃዊዒትና እናቕረብና እስካብ ሕዚ ኣብ መምልኢ ቕጥዒ ናይቲ ማሕበር ዘይተመዝገብኩም ኣብታ ስዒባ ዘላ ፎርም ንክትመልኡን ንኻልኦት እዉን ክፈልጡ ኣብ ምግባር ክትታሓባብሩናን ብትሕትና ንላቦ።**

መመዝገቢቕጥዒ ንምምላእን፣ዓላማ፣ ራኢን ፕሮግራማትን ናይታ ማሕበር ንምርኣይን [https://docs.google.com/forms/d/e/1FAIpQLSd0A52e4TvxfyHK77wunhtQHEP9HOF1vQQvxkifeIc47Uuyfw/viewform](https://docs.google.com/forms/d/e/1FAIpQLSd0A52e4TvxfyHK77wunhtQHEP9HOF1vQQvxkifeIc47Uuyfw/viewform) ይጠቐሙ/ይጠቐማ።

**ክልልና ኢሉ እዉን ሃገርናን ህዝብናን ንምሕጋዝን ናይ ባዕልና እጃም ንምዉፃእን ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ሎሚ ንለዓል!!**

**ንተወሳኺ ሓበሬታ**

- **ኢሜል :** gsts.ethiotigrai@gmail.com

**ኣመራርሓ ዓለም-ለኸ ማሕበረሰብ ሙሁራን ትግራይ**
**May 22, 2017**
**ዋና ቤት ፅሕፈት**
**ፍራንክፈርት/ጀርመን**